*ብኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ዝተዳለወ ዝኽሪ መበል 51 ብረታዊ ተጋድሎ ኣብ ጊሰን ጀርመን ተጸምቢሉ።*

*ዕለት 06.10.2012 መበል 51 ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣደራሽ ሄሰን ፌስትሃለ Hessen Festhalle ጊሰን ተጸምቢሉ። እቲ ኣደራሽ ካብ ሰዓት 14.00 ንህዝቢ ክፉት ነይሩ። ልክዕ ሰዓት 18.00 ብወግዒ ተኸፊቱ። ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚሩ ንህዝብና መእትዊ ብነጻ ገይሩ ምሉእ ለይቲ ከዘናግዓና ሓዲሩ። ለንዘበን ካብ ዝሓለፈ ዓመት ክብ ዝበለ ቅጽሪ ተሳተፍቲ በዓል ተሳቲፎም። ካብ ምሉእ ጀርመን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝርከብዎም ልዕሊ 2000 ተሳተፍቲ በዓል ነይሮም።*
*ራዛ ናይ ኣብኡ ሓዛ ከም ዝበሃል መንእሰያት ኤርትራውያን ብግቡእ ተረዲኦም ኣብ ኵሉ ዕማማት ተሳተፍቲን ልዑል ኣብርከቲን ኮይኖም ክትርኢ እንኮለኻ ኤርትራዊ ምኻንካ ዓቢ ፍናን ይስምዓካ።*
*እዚ ንርእዮ ዘሎና ሽግ ወሊዑ ንቅድሚት ዝምርሽ ዘሎ ንቑሕ፣ ጥርኑፍ፣ ውፉይን ወራሲ ሓድጊ መንእሰይ እታ ሒዝዋ ዘሎ ናይ ሓድነት፣ ተወፋይነት፣ ጽንዓትን ሽግ ንወለዶታት ከረክባ ምዃኑ ኣይንጠራጠርን። ምኽንያቱ ዕጥቂ ኤርትራዊ ንቕሓት ጽንዓት ተወፋይነት ሓድነትን መኽተን እዩ’ሞ እዚ ድማ ኣብ ኵሉ ኸርንዓት ዓለም ብግብሪ ይረአ ኣሎ። ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነትና ንምዝራግ ብሃይማኖት ዓለት፣ ወገን ብትሑት ዝኾነ ቀቢላዊ ኣሳቢቦም ክዘርጉ’ኳ እንተ ፈተኑ በዚ ንቑሕ፣ ውፉይ፣ ጥሙር ከም ማእዶ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ማይ ሓቝኖም ተሪፎም። በዚ እዩ ድማ  ኵሉ ኤርትራዊ፣ ኤርትራዊ ምዃነይ እሕበን ኢሉ ዘንተእለት ዝጭርሕ።*
*ብተውሳኺ ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ሚንስተር ዑስማን ሳሊሕ ተረኺቡ ንህዝብና ሰፊሕ ሰሚናር ሂቡ።*
*ኣብ ዲፕሎማስያዊ ጉዳያት ተበጺሑን ኣብ መስርሕ ዘሎን  ዘዕግብ መግለጺ ኣስሚዑ። ብዛዕባ  ብ2023 ዝፍለጥ ማዕቀብ ካብ መን ተበጊሱ ኣበይ ንምብጻሕ ምዃኑ እኹል መረዳእታ ሂቡ።*
*ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ኤትራውያን ምዕራባውያን ሃገራት ዝወስድኦ ዘለዋ መርገጽ ነቒፉ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዘምህረት ዮውሃንስ ኣብ ጀነቭ ስዊዘርላንድ ዝሃቦ መግለጺ ዘይፍለ ሎሚ’ውን ሚኒስተር ዑስማን ደጊምዎ። ንሱ ድማ ስዊዘርላንድ ሽወደን እስራኤል ንመንእሰያት ኤርትራውያን ንኤርትራ ንኽሰጉዎም ቀጻሊ ,ምስ መንግስቲ ኤርትራ ይዘራረቡ ከም ዘለው ሓቢሩ። መርገጽ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ዘይቅየር ምዃኑ ንሱ ድማ እንትርፎ እቲ ብድሌቱ ዝመጽእ እንተ ዘይኮይኑ እቲ ብሓይሊ ንዝስጎጐ ኤርትራዊ ከምዘይቅበልዎ ኣነጺሩ።’*
*ኣስዒቡ ኣብ ትምህርቲ ሕክምና ተሕተ ቅርጺ ኣብዚ ውሽጢ 20 ዓመት 400% ሰጒምና ከምዘሎና ኣብሪሁ። እዚ ድማ ብምዕሩይ ኣገባብ ምዕባለ ሃገር ኵሉ ዜጋ ብሓደ ከም ዝኸፈሎ ይጸዓር ኣሎ ኢሉ። ቀረብ ዕዳጋ ንኣዋፈርቲ ነጻ ዕድል ተጀሚሩ ኣሎ ኵሉ ወዲ ሃገር ርእሰማሉ ኣብ’ታ ዝፈትዋ ሃገሩ ንኸውፍር ተላብዩ። ብዛዕባ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ድማ ጥብ ዝበል ማይ ትዕቀብ ከምዘላን ምሩጽ ዘርኢ ንሓረስቶት ተዓዲሉ ፍርያት ሃገርና ካብ’ቲ ዝነበሮ ምምሕያስ ኣርእዩ ከምዘሎ ኣብሪሁ።*
*ብዛዕባ ዕደና ዝምልከት ኣብ ጽቡቕ ኣንፈት ከምዘሎና ሓያሎ ሃገራታንፈተን ኣብ ኤርትራ ኣሚተን ከምዘለዋሓቢሩሉ።*
*ብድሕሪኡ ሕቶን መልስን ቀሪቡ ዘዕግብ መልሲ ተዋሂቡ።*

*ብድሕሪ ሰሚናር ንህሉው ኰንርታት ሃገርና ዝገልጽ ካብ መንእሰያት ዝተፈላለዩ ግጥምታትን ስዲ ንባብን ቀሪቦም።*
*ቀጺሉ ብገዳይም ተጋደልትን ጕጅለ ባህሊ መንእሰያት ጀርመን ዝቐርቡ ዝነበሩ ዜማታትን ደርፍታን እቶም ኣብ ግዜ ቃልሲ እንክሎና ዝድረፉ ዝነበሩ ደርፍታት ንኣብነት እታ ሜሬተይ ዝብላ ቈጥቍጠ ዝሓርሰላ ዘሪአ ዘፍርየላ ዋላ'ውን ክሞተላ ክበሃል እንክሎን ሒጂ ናጽነትና ምስ ረኸብና ጥብ ዝበለት ማይ ኣብ መዓላ ኣውዒልና መሬት ለምሊሙ ክትርኢ እንክሎኻ ከመይ ድኣ እንዳበልና መሊስና ክንዓጥቕን ክንሓንን ኮምኡ'ውን ኵሉ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ተጻብኦታትና መኪትና ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ትስፉው መድረኽ ምህላውና ሓበን ይስምዓና።*
*ስለዚ ናይ ሎሚ መበል 51 ብረታዊ ተጋድሎና ፍሉይ ዘብልዎ ዝነበሩ ዜማታትና ክሳብ ክንደይ ተዘክሮታት ንድሕሪት መሊሶም ጥራሕ ዘይኮነስ ንቕድሚት ንኽንምርሽ ኣተባቢዖና'ዩ።*
*ንእግረ መንገደይ ከይገለጽክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ንኹሎም ተሳተፍቲ ጕጅለ ባህሊ ጀርመን በቲ ዘቕረብክምዎ እንዳ ኣመስገና ኣጆኹም እቲ ናይ ቅድም ደርፍታት ዓቂብኩም ሓደሽቲ ንህለው ኵነታትና ዘንጸባርቑ በዳህቲ ዜማታት ሒዝኩም መበል 52 ዓመት ብረታዊ ተጋድሎ ሎሚ'ውን ኣሎና ክትብሉና ንጽበየኩም።*

*ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና*
*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*